# ኣቦ ሓርነት... ኣቦይ ሓጂ ሙሳ




ኣውሊዔይ... ኣውሊዔይ... ኣውሊዔየ

ኣብ ኣኽሪያ..... ሰውራ ሓርነት ተባሪዓ

ኣውሊዔይ... ኣውሊዔይ... ኣውሊዔየ

ኣብ ኣስመራ....... ሸግ ሓርነት በሪሃ

***

ኢያ ሙሳ ዶ ክብለካ..... ኣቦይ ሙሳ

ሸኽ ሙሳ ዶ ክብለካ.... . ሓጂ ሙሳ

ኩሉ ኣስማትካœዩ... ኩሉ የጥዕመልካ

ምብርካኽ ዘይትፈልጥ ተባዕ ጅግና ኢ'ኻ

****

ጅግና እንተበልኩ'ኻ.. . . እወ. .. .ጅግና ኢ'ኻ

ተባዕ እንተበልኩኻ.. .. . እወ.. . .ተባዕ ኢኻ

ኣንበሳ ኤሪትሪያ.. . . . . . ሽዋ ዝበለ መዓንጣ

ኣንጭዋ ሳሕል ኣንፈጥፈጠት ምስ ሰምዐት ድምጽኻ

*****

ካብ 60 ዓመታት ንላዕሊ... ተቃሊስካ እንዲኻ

ደኺመ እንክይበልካ..... እንክይተሓለልካ

ኣቦ ሓርነት ፍትሒ....... ኣብሪሀካያ ጩራ

ካብ ቤት ትምህርቲ ኣዲያእ ሰውራ እዊጅካያ

******

ኣደ ወሊዳ ትምከም... ኣይክንዲ ሽሕ እንዲኻ

ሽባብ ኣርራቢጣ.... ካብ ኣርባዓታት ጀሚርካ

ቀጺልካዮ ቃልሲ...... ምስ ማሕበር 7 ሓራካ

ምስ ፊዳኢዪን ጀብሃ....ምእንቲ ናጽነት ሃገርካ

***

እንታይ ዘይፈተንካ..... እንታይ ዘይገበርካ

ተወፋይነት ሓቦ.... ጽኑዕ ዘይስበር መንፈስካ

እምቢ ንምልኪ... መሰለይ ኣይተንከፍ ዝበልካ

ኩሩዕœየ በኣኻ ከዘንቱ...ንዘልኣለም ታሪኽካ

****

ኣንበሳ ወረቀት..... ሉሕሉሕ ሓሳኽ ስርዓት

ሽበድበድ ኣቲይዎ.. ድብልቕልቕ ምስ ፍርሃት

ሰዓቱ ኣኺሉœዩ.. ... ጭፍራ ፍሽለት መዓት

ሓቢርና ንደርዕሞ..ንድፈኖ ብዘይ ክብሪ ስርዓት

*****

ኣቦ ትሪ ጽንዓት... . ፍትሒ ሕግን ትብዓት

በዲህካዮ ምልኪ.....መኻን ፍሹል ስርዓት

ጭፍራ ህግደፍ ቦኽባኽ.. .ጽረ ሕጊ ልምዓት

ዓገብ ንበል..ይኣክልንመከራ ሽግር ጥፍኣት

******

ህዝበይ ተላዓል... ተወደብ ተዓጠቅ ነቒሕካ

ዓቢ ምስ ንኡሽተይ...ዓላማታትካ ኣነጺርካ

እምቢ ንምልኪ እወ ንፍትሒ በል.. ሓቢርካ

ንምልካዊ ስርዓት በርቕቑ... ግዜ ከይወሰድካ

***

ይኣክል ጥርዓን ዘረባን...ንወደብ ንመክት ሓደ ኰንና

ሰዓት ፍትሒ ኣኺሉœዩ. .... ህዝበይ ተላዓለ ኣጆና

ዓወትና ናይ ግድን እዩ...ሽሕ እኳ እንተነውሐ ቃልስና

ኣይ ደቂ ከቢረ እንዲና.. ደቂ ዓዋተ..ደቂ  ሓጂ ሙሳ

****

ብስራት... ብስራት...  ንኹሉ ኤርትራዊ

ማዕበል ሓርነት ተላዕለ..... ዘይብሉ ዓጋቲ

ሓቢርና ንቃለስ..... መንእሰይ ምስ ዓበይቲ

ሓርነት.. ፍትሒ... ክነልብሳ  ልዑላዊት  ዓዲ

ዓምር (ኣቡ ሙሓማድ)

12/01/2018